---

**8 መጋቢት፣ ትልሚ ፍትሒ ማዕርነትን፡ ክትዕምብብ ትንበር**

**ክቡራት ኣባላት ነጻ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ንሰላምን ዲሞራሲን ዞባ ኣውረፓ**
**ኩቡራት ኣዳለውቲ ባዓልን 5ይ ጉባኤን**
**ኩብራትን ክቡራንን ዕዱማት፣ ነዛ ክብርቲ ኣህጉራዊ ማዓልቲ 8 መጋቢት፣ ብኸምዚ ሓቢርና ክንጽምብላ ምኽኣልና፣ እንኳዕ ናብዚ ኣብቅዓና**

ሸሞንተ መጋቢት፡- ንውጹዓት ደቂ-ኣንስትዮ ዓለም፡ ካብ ናይ ጭቆናን ዓፈናን ስርዓታት ዘናገፉሉ፣ ጎደና ሓርነት ዝኸፈተት፡ በሪ ፍትሕን ሰላምን ዝመድመደት እናሓደረት ትኹልዕ ቃንዴል እያ።

እዛ መዓልቲ'ዚኣ፡ እተን ንፍትሕን ንማዕርነተን ተቓሊሰን ዓወት ዝጎነኻ፡ ጥዑይ ሕ/ሰብ ሃኒጸን፡ ሰላምን ርግኣትን ዝሰፈኖ ንምዕባለ ዝግስግስ ስርዓታት ዝተኸላ ደቂ-ኣንስትዮ ብቓልሰን ዝንየታላን ዝኾርዓላን፣ መዓልቲ ክትከውን ከላ፡ ኣተን ገና ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ዝርከባ ድማ፡ ብዝያዳ ዝተብዓላ ሕሉፍ ቃልስታተን ገምጊመን ንቐጻሊ ዕማም ዝቕዪሳላ ዕጥቀን ዘትርራላ ዕዝዝቲ ዕለት'ያ።

ባህሪ ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ብዓንዲ-ርእሱ፡- ኣብቲ ንመሰረታዊ ማሕበራዊ ዕብየት ዝካየድ ቃልሲ፡ ኣዝዩ ግዙፍ እጃም ዘለዎ ኣካል'ዩ። እዚ ማለት፣ ኣብቲ ፍትሓውን ምዕሩይን ኢኮኖምያዊ፣ ፖሎቲካዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ ወዘተ ዓውደ መስርሓት፡ ንመሰረታዊ ለውጢ ኣብቲ ሕ/ሰብ ክውን ከግብር ዘኽእል፡ ወሳኒ እምነ ኩርናዕ ብምዃኑ እዩ።

ብንጹር ኣዘራርባ፡ ቃልሲ ደቂ-ኣንስትዮ ብመሰረቱ፡ ፍትሒ፡ ደሞክራሲ፡ መሰል፡ ማዕርነት ሰላምን፡ ማእከል ዝገበረ ቃልሲ ስለ ዝኾነ፡ መስጋገሪ ኩልንትናዊ ብራኸን ብልጽግናን ሕ\ሰብ እዩ። ንክሳዳዊ መሰረታዊ ለውጥን፡ ውሑስ ማሕበራዊ ፍትሕን፡ ህያው ንምግባር ዕላማ ዝገበረ ቃልሲ ውን'ዩ። ስለዚ እቲ ሕ\ሰብ፡ ንናይ ደቂ-ኣንስትዮ

ማዕርነታዊ ናይ ረብሓን ስልጣንን ምምቕራሕ፡ ንኣድማሳዊ ርግኣትን ሱርተኸል ማሕበራዊ ዕብየትን ምኻኑ ኣሚኑ፣ ክዓጥቀሉን ክጉስጉሰሉ ይግባእ።

ደቀ-ኣንስትዮ ኤርትራ፡- ከም ኣካል ውጽዓት ደቀ-ኣንስትዮ ዓለም መጠን፡ ካብ ናይ ዓመጽን መግዛእትን ስርዓታት ዝተፈርደለን ወጽዓን ጭቆናን ንምልቓቕ፡ ኣብቲ ንሰላሳ ዓመታት ዝወሰደ ሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሃገራዊ ሕቶን ማዕርነታዊ መሰለንን ብማዕረ ሰሪዐን፡ ቅናት ቃልሲ ኣትሪረን ብምዕጣቕ ንድርብ ዕማም ገጠመኣ። ንድርብ መኸተ ብድርብ ቃልሲ ብዝብል ቅዲ፡ ዕላማታተን ብማዕረ ወዲነን ብምሓዝ፡ ቓልሲ ንምዕዋት ብኣድራጋ ዕጥቂ ተትሓሓዘአ። ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ ቃልሲ፡ ምስ ኣሕዋተን ደቀ-ተባዕትዮ ብማዕረ ተሰሊፈን፡ ንብረተን፡ ኣካለን ፣ ሂወተን፡ ከፊለን ናጽነት ኣረጋጊጸን። እዚ ከንሱ ግን፡ ብሰንኪ'ቲ ሓይልን ሕልናን ህዝብና ሰይሩ፣ ተመሊሱ ኣብ እንግድዕኡ ዝዓረደ ረማሲ መንድዓት መርሆ ህግደፍ፣ ዝወርድ ዘሎ መሪር ግፍዒ፡ እተን ብኣዝዩ ዘድንጹ ኣገባብን ዝጥቃዓን ዝጭፍጨፋን ዘለዋ ደቂ-ኣንስትዮ ምስ ቆልዑተን እየን።

ነብሰ-ጾራት ኤርትራ፡- ብሰንኪ ዘይእኹል መግብን መድሃኒት፣ ብዙሓት ኣብ ግዜ ሕርሲ ምስ ውሉደን ይሞታ። እተን ብዕድል ምስ ውላደን ብሰላም ዝተገላገላ ውን እንተኾነ፡ ህግደፍ ካብ ሕቕፎአን ኣናመንዘዐ ንዝግልገለሞ ቆሉዑ ከዕብያ ዘይምሱል መሲለን ጥራይ ዘይኮነስ፣ እንተላይ ነቶም ብዕድመ ዝደፍኡ ኮነ ዝሓመሙ ወለዲ ክኣልያ፡ ልዕሊ ዓቕመን ዝኾነ ሓላፍነት ተሰኪመን፣ ንኣደዳ ጭንቀትን ሕማማትን ተሳጢሐን ይርከባ ኣለዋ፡፡

መንእሰያትና ወዶም ጋሎም ካብ ወለዶም ብሓይሊ እናተገፉ፡ ናብ መደበር ጥፍኣት ዝኾነት ሳዋ እና እናተጓረቱ፡ ንማዓላ ናይ ሰብ ነጋዶን፣ ሳሃራን፣ ስቓያት ልብያ፣ ናይ ሲናይ ካራ፣ ናይ ባሕሪ ዓሳን፣ ቀለብ ኮይኖም ዮም።

ደቀ-ኣንስትዮ፡- ከም ደቂ ኣንስትዮ መጠን፡ ብክብረንን ውልዶ ሰውነተንን መጻኢ ዕድላተን መላገጺ ሓለፍቲ ህግደፍን፣ መርወይቲ ስጋዊ ጽምኢ ሰብ መገዲ ኮይነን። ገለ ምስ ቆልዕተን ቀለብ ዓሳ ክኾና ከለዋ፣ ገለ ውን ካብ ኣቦታቶም ዘይፈልጠኦም ቆልዑ ብምውላደን ካብ ሕ/ሰብ ተኸዊለን ዝነብራ ዘለዋ ውሑዳት ኣይኮናን።

ሎሚ በጺሕናዮ ዘለና ኣሕዋት፣ መስርሕ ምብትታን ስድራቤታት፣ መድሕን ሃገር ዝኾኑ መእሰያት ካብ ሃገር ተጓሕጊሕዕም ኣርሒቖም ከዝጸድፉ ምግባር፣ ሃገር ባዶ ንምትራፍ

ዝዓለመ ምኳኑ፡ ምሉእ ብምሉእ ከምጻሓይ በሪህዩ። ዓሻስ'ያ ሓንዳይ ክሳብ ዝውድኡ ይጻወት ከም ዝባሃል። ይኣክል ኣሕዋት ብሃይማኖት ዓሌት ኣውራጃ ጽወታ። ኣብ ስደት ኬንካ ዘየለ ሽግር ክትቆቑል ካብ ምውዓል፣ ዓዲ እናእወየት ትጠፍእ ኣላ ሃገርን ህዝብን ኣድሕን።

ንሕና ኤርትራውያን ደቀ-ኣንስትዮ፡ ሕጂ'ውን ከም ኤርትራውያን መጠን፡ ገና ድርብ'ዩ ቃልስና። ሕቶ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ብሓደ ሸነኽ፡ ሕቶ መሰልን ማዕርነትን ጓል-ኣንስተይቲ ድማ በቲ ካልኣይ፡ ብማዕረ ወዲና ክንቃለስ መድረኽ ደጋጊሙ ይጽዋዓና'ሎ።

ዓወት ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ

ዓወት ንውጽዕቲ ጓል-ኣንስተይቲ ዓለም

ውድቀት ንናይ ዓምጽ ስርዓታት

ዘልኣለማዊ ዝኽሪን መጎስን ንስዋኣት